# <u>መ ዝ ሙ ር መ ር ዓ</u>

## <u>መዝሙር እምነት 107 ኣምላኽ ይባርኽኩም</u>

1. ከምቲ ኣብ ኤደን ገነት ኣብቲ ቅዱስ መኻን፡
   በቲ ጽቡቅ ፍቓድካ ዝመሃዝካ ኪዳን፡
   ሕጂ'ውን ንዓ ባርኽ ነዚ ኪዳን ኣሕዋት፡
   በቲ ጽቡቅ ፍቓድካ ዘይትልወጥ ኣምላኽ።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u> ኣምላኽ ይባርኽኩምን ገጹ የብርሃልኩም፡
ኣምላኽ ይሓልኹምን ጸግኡ ይሃብኩም፡
ሰማያዊ ሰላሙ ከኣ የብዝሓልኩም፡
ሕጂ ንዘልኣለምን ሃሌሉያ ኣሜን።

2. ከም ሓድነትካ ምስ ኣብ ይኹን ሓድነቶም፡
   ብሰንሰለት ናይ ፍቕሪ ንወርትግ እሰሮም፡
   ካብ ዘይምትእምማን ዘዝሕል ምውቕ ፍቕሮም፡
   ካብ ስሕተት ሰይጣን'ውን ብደምካ ሸፍኖም።

   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ብስእነት ኮነ ራህዋ ብሕማም ጥዕና
   ብሓጎስ ኮነ ሓዘን ብኹሉ ፈተና፡
   ናብ ዓዲ ኩላ ዓለም ክሳዕ ዝሳገሩ፡

ብፍቶትን ታሕጓስን ኣኽእሎም ኪነብሩ፡

*ተደጋሚ፡-*

4. ቤት ጸሎት ይኹን ቤቶም ስምካ ዘድህይሉ፡
ናይ ሰላም ሓጎስ መዝሙር ወርትግ ዘስምዕሉ፡
ጽላል ናሕሶም’ውን ይኹን ጻድቃን ዚዓርፍሉ፡
ዝፋን ዓወት ተኺልካ እትእዝዘሉ።

ዲ.ኣ

# መዝሙር እምነት 108 ቃል ኪዳን ዝኣተኹምዎ

1. ቃል ኪዳን ዝኣተኹምዎ፡
ከም ኩቡር ዑንቍ ሓዝዎ፡
ወግሐ ጸብሐ ሓድስዎ፡
ብፍቕሪ ብዓቕሊ ሓድስዎ።

ተደጋሚ፡- መስራቲ ቃል ኪዳን የሱስ ክርስቶስ እዩ ምሳኹም፡ ሎሚ ጽባሕ ንዘልኣለም ከኣ፡ ዘይፍለ ፈታዊ ይኹነኩም።

2. ንምልኣትኩም ብምስጋና፡
ንሰኣንኩም’ውን ብምስጋና፡
ናይ ዚመጽእ ክውል ዘሎ፡
ብእምነት ብተስፋ ቛሕ በልዎ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ምስ ባረኸ ተግባር ኢድኩም፡
ጥሪት ዉሉድ ምስ ሃበኩም፡

ዝጎደለ የልቦን ኢልኩም፥ *ተደጋሚ፦*

ኣይትረስዕዎ
ንኣምላኽኩም።

*ተደጋሚ፦*

4. ኮይኑ ፍቓድ ናይ
ኣምላኽኩም፥

ስኣን ሕማም
'ተበጽሓኩም፥

ቃልኪዳን ዝኣተኹምዎ፥

5. ንግሆ ምሸት ተማህለሉ፥

ምስጋና ንኡኡ ሃቡ፥

ቃሉ ይኹን
መኣድኹም፥

ክቡር ስሙ ድማ
ዕላማኹም።

*ተደጋሚ፦*

6. ሂቡ ከቶ ዘይውድኦ፥

ሓሊዩ ከኣ ዘይደኽሞ፥

መሪሑ'ውን ዘየጋጊ፥

ምሳኹም ይኸውን ካብ
ብሕጂ።

‘ናዘከርኩም ብሓጎስ ጽርዋ።

ተደጋሚ፡-

ደ.ሓ